# መግለጺ ናይ ሓዘን

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
16.09.2009

ኣባላት ሰልፍ ህዝቢ ኤርትራ ብመላኦም፡ ብሞት ሓብትናን ኣዴናን ለምለም ናይዝጊ ጋርዛ፡ በዓልቲ ቤቱ ንኣባል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ተጋዳላይ መስፍን ተስፋይ ዝተሰምዓና ከቢድ ሓዘን እናገለጸና፣ ንነብሰሄር መንግስተ-ሰማይ የዋርሳ፡ ንቤተ-ሰብን ፈተውትን ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ወይዘሮ ለምለም፡ ካብ ኣቦኣ ኣቶ ናይዝጊ ጋርዛን፡ ካብ ኣዲኣ ወይዘሮ ቅዱሳን ሃይሉ ብ1952 ኣብ ኣውሊዕ ጾሩ ተወሊዳ። ነብስሄር፡ ንጥፍቲ ኣባል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ነይራ። ክሳብ ግዜ ዕረፍታ ድማ፡ ደቃ ብሃገራዊ መትከላትን ባህልታትን እናዕበየት፣ ኣብ ጐድኒ ጽኑዕ ተቓላሳይ ዝኾነ በዓል ቤታ፡ ኣቶ መስፍን ተስፋይ ደው ኢላ ምእንቲ ዲሞክራሲ ተቓሊሳ። ብ15 መስከረም 2009 ዓ.ም ድማ ብሃንደበታዊ ሕማም ኣብ ካርቱም፡ ሱዳን ዓሪፋ።